


# ዕድመ ንሰለማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ዱሱልዶርፍ ሃገረ ጀርመን

ዘኽበርኩም ኩሉኹም ግዱሳት ኣካላት!

ንቐዳም ዕለት 12 ታሕሳስ 2020፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ኩናት ደው ኢሉ ሰላማዊ መፍትሒ ክርከበሉ፡ ዝመዛበል ዘሎ ሰለማዊ ህዝቢ ቆላሕታ ማሕበረሰብ ዓለም ክረክብን ብፍላይ ድማ ንውሕስነት እቶም ጸግዒ ስኢኖም ንሓደጋ ተቓሊዖም ዘለዉ ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ዝጽውዕን ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ዋና ከተማ ኣውራጃ ኖርድራይን ቬስትፋለን ዝኾነት ከተማ ዱሱልዶርፍ ተዳልዩ ስለዘሎ፡ ኩሉ ብኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላውን ን ሓደጋ ተቓሊ ዖም ዘለዊ ሰለማውያን ዜጋታትን ስድተኛታትን ዝሻቐል ኣካል ኣብቲ ሰለማዊ ሰልፊ ተሳቲፉ ድምጹ ከስምዕ ብኽብሪ ንዕድም።

<u>ሰላማዊ ሰልፊ ዝጅመረሉ ግዜን ቦታን፡</u>

**ቀዳም 12.12.2020 ሰዓት 11፡00 ቅ.ቀ.**
**ንራኸበሉ ቦታ ኣብ ቀንዲ መዓርፎ ባቡር(Düsseldorf Hauptbahnhof)**
**Friedrich-Ebert-Straße 34-38, 40210 Düsseldorf**
ካብ መራኸቢ ቦታና ተበጊስና ድሕሪ ሓጺር ጉዕዞ ብእግሪ ኣብ ማእኸል ከተማ ዱሱልዶርፍ **Corneliusplatz** ብሙኻን ሰለማዊ ሰልፊና ንቕጽል።

ተሳተፍቲ ንዕላማ ናይዚ ሰለማዊ ሰልፊ የንጽባርቕ እዩ እትብልዎ ኣሳእል፡ ፖስተራት፡ ጭርሖታን ስነጽሑፋዊ ትሕዝቶን ሒዝኩም ክትመጹ ነተባብዕ።

*መተሓሳሰቢ!!*
*<u>ብሰንኪ ለበዳ ኮሮና ክንገብሮ ዘግበኣና ጥንቃቀ ከነዘውትርን ከም ማስከን ካልእ መከላኸሊን ክንማላእ ይግባእ። ኣብ ጉዕዞን መአከቢ ቦታን ርሕቀትና ክንሕሉ ንላቦ።</u>*

ድምጽና ብናይ ኩልና ተሳትፎን ኣበርክቶን ነስምዕ!

ብደሓን ምጹ!

**06.12.2020**

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቃሳት ኣብ ኣውራጃ ኖርድራይን ቬስትፋለን (NRW)